## እንኳዕ ደስ በለና !

## ሰብ ሕድሪ ሲቭል ማሕበረ ሰብ ትግራይ ሕጋዊ ፍቓድ ረኺቡ

ሰብ ሕድሪ ሲቭል ማሕበረ ሰብ ትግራይ ኣብ ትግራይ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ክኑልብቱ፣ ናይ ሕጊ ልዕልና ክኸበር፣ ሙስና ካብ ሱሩ ከመሓው፣ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ተደላዲሉ ክቐጽልን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ስሉጥ ምዕባለ ክስጉምን ዝተግህ ንዝኾነ ፓለቲካዊ ፓርቲ ክድግፍን ኪቃወምን ዕላማ ዘይብሉ ብሕጋዊን ዴሞክራስያውን መንገዲ ዝንቀሳቐስ ካብ ናይ መንግስታዊ መሓውር ኢድ ኣእታውነት ነጻ ዝኾነን ማእኸሉ ህዝቢ ትግራይ ዝገበረ፣ ዘይመንግስታውን ንመኽሰብ ዘይንቀሳቐስን ኣብ ትግራይ ብዝነብሩ ሙሁራት መናእሰይ ተጋሩ ዝምራሕ ማሕበር እዩ። ሰብ ሕድሪ ዋና መሰረቱ ኣብ ትግራይ ኮይኑ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተጋሩ ኣብ ጎኑ ዘዕሰለ ትካል እዩ። ሰብ ሕድሪ ዋና ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ትግራይ ኮይኑ ኣብ መላእ ዓለም ድማ ደገፍቲ ጨንፈራት ኣለውዎ።

ሰብ ሕድሪ ብዘይ ምንም ናይ ፖለቲካ፣ ጾታን ሃይማኖትን ኣፈላላይ ዕላማታቱ ንዝተቐበለ ኩሉ ትግራዋይ ዝሓቁፍን ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ምስ ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ተሓባቢሩ ሃገርና ኢትዮጵያ ሉኣላውነታ ክኽበር፣ ኤኮኖሚኣ ክጠናከኸር፣ ማዕርነታዊ ሓድነት ህዝብታታ ከም ሓጺን ክድልድልን ተጀሚሩ ዘሎ ዴሞክራስያዊ ለውጢ ብዘዕግብን ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ብዝረብሕን መንገዲ ክስጉምን እጃሙ ከወፊ እዩ። ጠቅላይ ሚኒስተርና ዶክተር ኣብይ ከምዝበልዎ ምስ ኢትዮጵያውያን ተደሚሩ ፍቕሪ፣ ሰላም፣ ምዕባለ ክምዝገብ ክጽዕር እዩ። ሰብ ሕድሪ ናይ ዝብኢ ፈላሲ የለን ኢሉ ስለዝኣምን ወዲ ዓደይ ዝብኢ ይብልዐኒ ዝብል ኣበሃህላ ኣይቕበልን። ስለዝኾነ ናይ ቀትሪ ዝብኢ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ለይቲ ኣዛብእን ናይ በጊዕ ኣጎዛ ለቢሶም ንህዝቢ ከም ጸላኢ ንዝሰርዑን ህዝቢ ኢትዮጵያ እናናቖቱ ክነብሩ ናብ ስልጣን ክሕንከቡ ንዝደልዩ ወኻሩትን እውን ብትረት ኣብ ምቅላስ እጃሙ ከበርክት ዝተግህ ማሕበረ ሰብ እዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ድኻምን ቃልስን ሎሚ ሰብ ሕድሪ ብናይ ትግራይ ክልላዊ መንግስቲ ሕጋዊ ፍቓድ ረኺቡ ዕላዊ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ንኹሉ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራዋይን እንኳዕ ደስ በለኩም እናበለ ብኣባልነት ክትሕቆፉን ዝከኣለኩም ደገፍ ክትልግሱን ብኽብሪ ይዕድመኩም ኣሎ። ነዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ናይ ኣባላት ሰብ ሕድሪ ናይ ሕጋዊ ፍቓድ ሕቶ ብኣወንታ ተቐቢሎም ናይ ደቂ ሰባት ሰብኣዊ፣ ዴሞክራስያውን ሕገ መንግስታዊን መሰል ምዃኑ ካብ ልቢ ኣሚኖም ነዚ ብሕጋዊ መንገዲ ቀሪቡ ክዓተት ዝጸንሐ ናይ ተጋሩ ሕቶ ብኣወንታ ተገንዚቦም ኣወንታዊ ምላሽ ክረክብ ንዝገበሩ ደለይቲ ለውጢ ኣካላት ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ሰብ ሕድሪ ዝዓዘዘ ምስጋና ከቕርበሎም ይፈቱ።

ሰብ ሕድሪ ዕላምኡ ብኩሉ ክፍለጥ፣ ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ዘጋጥምዎ ዝነበሩ ፈተነታት እናመከትኩም ኣማኢት ኣባላት ኣብ ጎኒ ሰብ ሕድሪ ክስለፉን ናብዚ መድረኽ እዚ ንክበጽሕን ፍልጠትኩም፣ ሞያኹም፣ገንዘብኩም፣ጉልበትኩምን ግዜኹምን ዝሰዋእኹም ኣብ ትግራይ፣ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን ዓለምን ዘለኹም ጀጋኑ ኣባላት ሰብ ሕድርን ደገፍቲን ብኣኹም ዝተሰምዖ ፍናን እናገለጸ

የዒስ ! ይብለኩም።

ናይ ሰብ ሕድሪ ኣባላት ኮይንኩም ክትምዝገቡ እትደልዩን ወፈያ ክትልግሱ እትደልዩን በዚ ዝስዕብ ኢመይል ንኣባላት ሰብ ሕድሪ ኣዘራርቡ

- ኣብ ኢትዮጵያ እትነብሩ___ mahariyohans2020@gmail.com
- ኣብ ኣውሮጳ፣ ማእኸላይ ምብራቕ፣ ኤስያን ኣፍሪካን እትነብሩ __ redaianbesa78@gmail.com
- ኣብ ኣሜሪካን ካናዳን እትነብሩ ____ mirachmuler@yahoo.com
- ኣብ ኣውስትራልያ እትነብሩ ___ Getu65@yahoo.com

ዘላለማዊ ኽብሪ ንሰማእታት !

ሰብ ሕድሪ ደገፍ ወሃብቲ ጨንፈራት ወጻኢ

June 29/2018

እንታይነት ሰብሕድሪ ንምርዳእ ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ከፊትኩም ተኸታተሉ

https://www.youtube.com/watch?v=PkNYWcHIGXg